# ማይ ሓባር ዝዋዓለ ይመስክር።

አብርሃም ለኣከማርያም 01-09-18

ብ1970 ዓ ም  ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ወይም ከዓ ብ1962 ዓ ም ኣቆፃፅራ ሓበሻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተግባረ ዕድ ኣስመራ ሓደ ክስተት ተፈጢረ ። ቅድም ክብል  እቱ ዝወሃበና ዝነበረ ዓሰርተ ሓሙሽተ ቕርሺ ብወርሒ ስለ ዝወሓደና ይወሰኽልና ዝብሉን ካልኦት ጥርዓናትን ሒዝና ብልዑል ራእሲ ኣስራተ ካሳ ኣቕራብነት ናብ ሃፄ ሓይለስላሴ ንጉሰ ነገስት ዘኢትዮጵያ ቀሪብና ሓሙሽተ ቕርሺ ስለ ዝወሰኹልና ወርሓዊ እቶትና ዕስራ ቕርሺ ኮነ ። ቅድሚኡን ብዝተፈላለየ እዋናት ዝተፈላለየ ሕቶታት እናቕረብና ዳርጋ ምላሽ ንረክብ ነይርና ። ናይ ሎሚ ግና ፍልይ ዝበለ እዩ ነይሩ።

እቱ ዘመን ናይ ተምሃሮ ምንቅስቓስ ዝገሃሀረሉ እዋን ስለ ዝነበረ እቶም ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ኢትዮጵያ ላዕለዋይ ብርኪን ኮሎጃትን ቤት ትምህርቲ ኣትዮም ዝመሃሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ትምህርቶም እናቋረፁ ናብ ኣስመራ ለመም ክብሉ ስለ ዝጀመሩ ኣብ ኣስመራ እንመሃር ዝነበርና ኢትዮጵያውያን ከዓ እቱ ነገር ከስገኣና ጀመረ ።ብፍላይ ኣብ ባህርዳርን ሃረር መምህራን መሰልጠንን ዝርከቡ ዝነበሩ ተምሃሮ ተመሊሶም ምስ መፁ ንቱ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ተምሃራይ ከለዓዕሉዎ ማዕፆ ከፈተሎም ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ እናተኣከቡ ፖለቲካዊ ዓስጓስ የካይዱ ስለ ዝነበሩ ዳርጋ መዛሕቲኣን ቤት ትምህርትታት ተዓፂየን ነይረን ምባል ይከኣል እዩ፡

ንዡ ኩነታት ተበሊፆም እቶም ምሳና ዝመሃሩ ዝነበሩ ካብ ኣስመራን እንካብ ዝተፈላለያ ኣውራጃታት ኤርትራን ዝመፁ ተምሃሮ ትምህርቶም ኣቓሪፆም ምውዓሎም ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ኾነ። ምስቶም ካብ ኤርትራ ወፃኢ ዝመጻእና ተምሃሮ ኮፍ ኢሎም ክመሃሩ ኣይደለዩን። ኣብቱ እዋን እቱይ ኣብቱ ኣንነብረሉ ዝነበርና ዶርሚተሪ ዝነብር ሓደ ኤርትራዊ ንሓደ ትግረዋይ ብሰንጢ ስለ ዝወግኦ ንቱ ነገር ኣጋደዶ ። ንሕናውን እኮ ዓዲ ኣለና እዩ ስለምንታይ ንናብ ዝመፃእናዮ ዓዲ ዘይንኸይድ ዝብል ሕቶ ኣልዒልናክነዕገርግር ጀመርና።

ካብ ቀዳማይ ዓመት ክሳብ ራብዓይ ዓመት ዝነበርና ተምሃሮ ክፍሊ ምእታው ገዲፍናዮ ።ንናብ ዝመፃእናዮ ክንከይድ ከምዘለና ኩላትና ተሰማምዕና ።ንሰሙናት ዝኣክል  ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰባትን ሰበ ስልጣናትን ዝተፈላለያ ማዕዳታት እናሃቡ ትምህርትና ክንጅምር ከምዘለና ኣተሓሳሰቡና ።ኣብቱ እዋን  ናይ ኤርትራ ምክትል ኣማሓዳሪ , ናይ ፖሊስ ዋና ኣዛዚ ናይ ትምህርቲ ሚኒስተር ሓላፊ ዝነበረ ኣቶ ገብረሂወት ነባራይ መጺኦም ማዕዳ ኣብ ልዕሊ ማዕዳ እንተደርደሩ መን ሰማዒ ። ቃልና ሓንቲ ነበረት “ ዓድና ስደዱና” ኣብቱ እዋን እቱይ ዝነበሩ መመሓዳደርቲ ግና እንካብ እቱ ገና ከምዘይፈልሐ ሹሮ ቶግቶግ ዝብል ኣእምሮ ዝተሓንገጠ መንእሰይ ዝሓሸ ትዕግስትን ብተሞክሮ ዝበሰለ ኣተሓሳስባ ስለዝነበሮምን ይመስለኒ ከም ወለዲ እናማዓዱ ትምህርቲ ምቁራፅ ሳዕቤን ከምዘለዎ ከይሰልቸዉ ክምዕዱናን ክመኽሩናን ቀነዩ ።

“በቃ ንሱ እዩ ድልየትኩም “ በሉ ።

“ንሱ እዩ ድልየትና ካልእ ወረ ክንሰምዕ ኣይንደልን” በልና። ይዝከረኒ ንሓደ ናይ ፖሊስ መኮነን ወይዘሮ ኣሳሳች ዝብል ሳጓ ኣውፃእናሉ እናመፀ ይምዕደና ስለ ዝነበረ።

ሓደ ምሸት ንኹላትና ኣኪቦም በሉ እንካብ ኣንቀድኩም እንታይ ክንገብር ኮይንና ኣብዘን እንህበኩም ዘለና ወረቓቲ ፈሪምኩም ሃቡና በሉና።

እቱ ወረቐት እንታይ እዩ ዝብል “ እንካብ ሎሚ ጀሚረ ብፍቓደይ  ትምህርተይ ገዲፈ ናብ ዝመፃእኹሉ ቦታ ብፍቓደይ   ዝወሰንኩ ብፊርማይ የረጋግፅ ኣለኹ እዩ ዝብል።  ኩላትና ከዓ ሸጥሸጥ እናበልና ሃብና ።

ኣነ ስጋብ ዝፈልጦ ብዘይካ ሓደ እንካብ ማይጨው ዝመፀ ተምሃራይ እቱ ዝተረፈ  ከምዝፈረመ እዩ ። እቱ እንፍርሞ ዝነበርና ወረቐት ሳዕቤኑ እኳ ክነገናዝብ ኣይከኣልናን ፡ እታ ኣብ ኣስመራ ዝፈረምናያ ወረቐት ኣብ ካልእ ቦታ እውን ከም እትሰርሕ  ኣብ ግምት ኣይእተናን ። መሬት ምስስይ ምስ በለ  “ ንዑ በሉ ናብ ዓድኹም ክትከዱ ምስ ተብሃልና እሞ ክዳውንትና ክንጥርንፍ እንተበልና ንሱ ብኻልእ መኪና ክመፅእ እዩ ተብሃልና

ሽራ ዝለበሳ ናይ ፕሊስ ማርቸዲስ መኻይን  እናተኸታተላ ደበኽ በላ ። በሉ ደይቡ ዝበሃል ቀጢን ትእዛዝ ተውሃበና ። ወዮ ለበዋ ናብ ትእዛዝ ተቐየረ ። ናይ ኣስመራ  ጆግራፊኣዊ ኣቀማምጥ ዘይፈልጥ ወዲ ማእኸል ሃገር  ምሸት እውን ስለዝነበረ  እቱ ጉዕዞ ናብ ደቀምሓረ ወይም መንደፈራ ዘይኮነስ ናብ ገፅ ዓርበሮቡዕ ወይም ናብ ምፅዋዕ ገፅ እዩ ነይሩ ።እተን ማርቸዲስ እናተመራርሓ  ኣብ ሓደ ጦርሰራዊት ሰፈር ምስ በፅሓ በሉ ውረዱ በሉና ። ብጣዕሚ ቁሪ እዩ ነይሩ ። ኣተን ኣብ ዝባንና ዝነበራ ክዳውንቲ ጥራይ ኢና ተኸዲንና ዘለና ። ናብ ሓደ መሕደር መካይን ዝመስል ገዛ ኣእትዮም በሉ ደቅሱ በሉና። ሽዑ ናብ መቕፃዕቲ ከም ዝመፃእና ተረደእና ። ኮይኑ ግና ኣቶም ወተሃደራት እውን ዳርጋ ኩሎም  ደቂ ማእኸል ሃገር ስለ ዝነበሩ ኣይጭክኑልናን ይኾኑ ዝብል እምነት ነይሩና።

ገና እንካብ ድቃስና ከይተበራበርና “ ተነሱ “ ዝብል  ድምፂ ሰማዕና ። ኣዒንቲና ሕስይስይ ኣቢልና እንተጠመትና  ኣብ ቅድመና “ መባሮ, ኣካፋ (ባዴላ)  ተደርዲሪ   ሓድሓደ ክነልዕል  ተኣዘዝና።

ማይ ሓባር  ኣብ ሞንጎ ክልተ እምባታት ዝተቐርቀረት ካብ ባፅዕ ናብ ደቀምሓረ ዝወስድ ፅርጊያ እትርከብ ናይ መበል 34 ኛ  ብርጌድ  ጦርሰራዊት ካምፕ እያ ነይራ።

መባሮናን ኣካፋናን  ኣሰኪሞም  ናብ እቱ ጎቦ ወሲዶም ኮዓቱዎ በሉና ።  ወረ እምበር ስራሕ ዘይለመደ ተምሃራይ  ፍርቂ ሰዓት ከይሰርሐ ሑቐኡ ክሕዝ ስለ  ጀመረ እናመፁ ብበትሪ  ክጅልጥዎ እንተለዉ ብፍርሒ ሓይሊ ወሲኹ ንቱ ጎ ናብ ሜዳ ለወጦ ። ቁርሲ ሓንቲ ኩባያ ሻሂን ሓንቲ ባንን ሂቦም ገና እንካብ ጎሮሮና ከይወረደ  ተበገሱ በሉና።  እቱ ኣብ ጎንኻ ዘሎ ምሳኻ ዝመፀ እተለልዮ ብድምፁ ጥራይ እዩ ፡ ኩሉ ሓመድ ተኸዲኑ እዩ። እቱ ጎቦ  ብበዝሒ  ኦሙ ዱሩ በለስ  ስለ ዝነበረ  በኣእዳውና ክንቡቁስ  ተኣዘዝና ። ፍርቂ ማዕልቲ ምስ ኮነ ብዙሓት ናብ ክሊኒክ ተወስዱ።

ድሕሪ ምሳሕ ተመሊስና ናብቱ ዝወዓልናዮ ጎቦ ከይድና ንቱ ዝተረፈ ሓመድን በለስን ተተሓሐዝናዩ ። ሎሚ እንተዝኸውን ማይን ሃመድን ዕቀባ እዩ ከሃል ነይሩ ። ኣብቱ እዋን ግን ብእንፃሩ እዩ ነይሩ ንቱ ሓመድ ዝሕዝ በለስ እውን ኢና ኣንፍንቅሎ ዝነበርና’። ኣብራኽ ደኺመን ረድረድ በላ ‘ ማይ ፅምኢ ተወሲኹዎ  ለሽ በልና። ካብ ሀዚ ሀዚ ጠጠው ከብሉና ኢኦም ኢልና እንተተፀበና  ፀሃይ ክትፀድቕ ናይ ደቓይቕ እዋናት ክተርፉ እንተሎ  ናይ ስፖርት ቱታ ዝለበሱ  ስፖርተኛታት ናብቱ ዘለናዮ  ቦታ ክመፁ ረኣናዮም።  ኣቶም  ሓለውትና ናብ  ሓደ ሜዳ  ኣኪቦም  ናብቶም ስፖርተኛታት  ኣመሓላለፉና .።  ብድኻምን ብማይ ፅምእን  ጠጠው ምባል ሲኢና  ዝነበርና ተምሃሮ እቶም ስፖርተኛታት  ብድሕሪት ብቐድሚትን ኮይኖም  ንቱ ቀጥ ዝበለ ጎቦ  ብጉያ ላዕሊ በፂሕና ምስ ተመለስና ጥራይ ከም እነዕርፍ ጥራይ ምስ ነገሩና ብታ ተሪፋ ዘላ ናይ መጨረሻ  ሓይሊ ፀንቂቕና  ኣብቱ ዝብፃሕ በፂሕና ምስ ተመለስና  እቶም ኣብ ታሕቲ ዝነበሩ ስፖርተኛታት  ከዓ ቀኻ ሁዋላ  ዙር ኢሎም  ዝኣበየ ብበትሪ  እናቐጥቐጡ  ናብ ላዕሊ መለሱዎ።  ላዕሊ በፂሕና  ንታሕቲ ክንወርድ ኣብ ፍርቂ ምስ በፃሕና  ክቕፅል ኣይከኣልኩን ። ንቶም ካልኦት ጠጠው በሉ  እንካብ እዙይ ንላዕሊ እንታይ ከይገብሩና ኢለ

ጠጠው ኣበልኩዎም ። ብዙይ መፀ ዘይይበሃል ወተሃደር ናይ ግመል ይኩን ናይ ከፍቲ ዘይፍለጥ ዓፅሚ ገይሩ ሓደ ክልተ ኣብ ዝባነይ ምስ ኣዕረፈለይ ብናቱ ሓይሊ እናተሃንደድኩ ታሕቲ ምስ በፃሕኹ ንኹላትና ኣኻኻቢቦም ዳርጋ ምስ ፀልመተ ናብቶም ሓለፍቲ ሒዞምና መፁ’ሞ “እ ሀዚ ኸ እንታይ እዩ ሓሳብኩም “ኢሎም ምስ ሓተቱና ብዝደኸመ ድምፂ “ ክንመሃር ኢና “ በልና ።

በሉ እዙ ወረቐት እናወሰድኩም ፈርሙ ምስ በሉና ብዘይ ሓንቲ ምውልዋል እንታይ ከምዝስል እውን ኣፀቢቕና ከያንበብና ፀልማት እውን ስለ ዝነበረ ንምፍራም ተጓየና። ሕራይ ስለ ዝበልና ቀልጢፎም ዝሰዱና እዩ መሲሉና ነይሩ ግና ከምቱ ዝሓሰብናዮ ኣይነበረን። ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ኣፅኒሖም ግቡእ ትምህርቲ ሂቦም ኣፋኒዪኦምና። ጥምየት እንታይ ምኻዋኑ ኣርእዮምና ። ተረፍ ወተሃደራት ኣብ በርሚል ዝተደርበየ ፍርፋሪ ክንበልዕ ተጓይና። ኣብ ትሕቲ ወተሃደር ምንባር ማለት እንታይ ከምዝኾነ ተዓዚብና። ኣንካብቶም ዝዝከሩኒ ቐልድን ቁም ነገርን ዘይፍለዮ ስዉእ ተጋዳላይ መስፍን መኮነን ኣብ ሓደ ኦም ደይቡ እናቴ ናፈቕሺኝ ክደርፍ እንተሎ እዩ ካልእ እውን ክነብር እዩ ።

ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኣተን ሒዘናና ዝኸዳ መኻይን ተመሊሶን ናብ ኣስመራ ሒዘናና ኸዳ ። ኣብዙ እዋን እዙይ ግና ብፀልማት ኣይነበረን ብቐትሪ እዩ ነይሩ ። ናብ ቤተ መንግስቲ ። ኣብቱ እዋን እቱይ ናይ ኤርትራ ኣመሓዳዳሪን ናይ እፄ ሃይለስላሴ ወኪልን ዝነበሩ ልዑል ራስ እስራተ ካሳ ተቐበሉና። ርእይ ምስ ኣበሉና እንካብ ጌጋኹም ተማሂርኩም ክትኮኑ ተስፋ እገብር በሉ። ኣስዕቢም ናባይ እናጠመቱ “ ተናገር እስኪ ኣንተ ጢማም “ በሉኒ.።

ኣነውን ብወገነይ “ ጌታየ ጥፋታችንን ኣምነናንል። መቸም ልጅ ያጠፋል ኣባት ይቀጣል ። ይህ ያለ ነገር ነው ቅጣቱ ትምህርት ሰጥቶናል ። ከኣሁን ወዲያ ግን የእርስዎ እርዳታ ሳይለየን ትምህርታችንን ቀጥ ብለን ኣንማራለን “ ምስ በልኩ “ ጎሽ” ኢሎም ተወሳኺ ማዕዳታት ሂቦም ናብታ ዝተሓሰምናያ ቤት ትምህርቲ ተመሊስና ትምህርትና ቀፀልና።

<u>መተሓሳሰቢ።</u>

ኣብቱ እዋን እቱይ ዝነበርኩም ተምሃሮ ብዙሓት ብሂወት ከምዘለኹም እፈልጥ እየ .ዝጎደለ ወይም ከምኡ ኣይኮነን እትብሉ እንተሃሊኹም ራኢቶኹም ክቕበል ድልዉ እየ. .

እብርሃም ለኣከማሪኣም